መጸዋዕታ ኣኼባ ንኹሎም ኤርትራውያን ነበርቲ ኒው-ዮርክ፡ ኒው-ጀርሲን ከነቲከትን፡

ማሕበር ኤርትራውያን ንፍትሒ ኒውዮርክን ከባቢኡን ኣብ 2013 ተመስሪቱ ብዙሕ ዝናኣድ ስራሓት እኳ ኣቃኒዑ እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ንጥፈታቱ ካብ ትጽቢት ንታሕቲ'ዩ ዘሎ። ልኡላውነት ሃገርና ኤርትራ ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን ዳግማይ ተንሲእና፡ ደገፍትን ዘይደፍትን ከይተብሃሃልና ሃገርና ንምድሓን ብሓድነት ክንሰርሕ ይግባኣና እዩ። ካልኦት ከተማታት ተኣኪቦም ኣንታይ ንግበር ኣብዝብል ዘተ ጀሚሮም ኣለዉ ፡ ስለዚ ንሕና ከኣ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩና ተኣኪብናን ተጠሚርናን ወከልትና ብምምራጽ ተሳትፎና ክነዕዝዝ ንበገስ። እዚ ብስርዓት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ መጠኑ ዝሓለፈ ጥልመት ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ፡ኣብ ግዜና ይኹውን ስለዘሎ፡ ታሪኽ ከምዝሓተና ፈሊጥና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና እጃምና ከነበርክት ሃገርናን ህዝብናንይ ጽውዑና ኣለዉ።

እዛ ብመዳርግቲ ኣልቦ ቃልሲ ወሎዶታት ደምን ዓጽምን ብሉጻት ደቃን መስዋእቲ ሓፋሽ ህዝቢን ዝመጸት ሃገር፡ ንኹሉ ወዲ ሃገር ብማዕረ ነጻን ሓራን ዝገብር እምበር፡ እቲ ሓደ ዝርገጸላ እቲ ሓደዝረ ግጸላ ንምዃን ኣይነበረን፡ ሰማእታትና ከኣ እታ እንኮን ዘይትድገምን ሂወቶም በጃ ዝኸፈሉዋ ንሕና ኣብ ሃገርና ቀሲንና ክንነብር እምበር ክንሓስርን ክንዋረድን ኣይነበረን መስዋእቶም ስለዚ፡ ኩልና ህዝቢ ኤርትራ ንተስእ! ንበራበር!
ዝፍጸም ዘሎ ኣስሓኮ ዘይብሉ ክድዓት ዕምሩ ንኸብቅዕ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማል ኣንጻር መለኸቲ ደው ንበል።

ስለዚ ኩልና ኤርትራውያን ተቐማጦ ኒው-ዮርክ፡ ኒው-ጀርሲን ከነቲከትን፣
እብዚ ንዕለት 13 ሚያዝያ ኣብ ኒውዮርክ ተመዲቡ ዘሎ ኣኼባ ተረኺብና ኢሂን ምሂን ንበሃሃል።

**ኣኼባ ዝግበረሉ ቦታ፡ 2096 Starling Ave. Bronx, NY 10462**
**ኣኼባ ዝጅምረሉ ዕለትን ሰዓትን፡ ቀዳም ዕለት 13 ሚያዝያ፡ ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ.**
**ንዝያዳ ሓበሬታ፡ (646)919-6847 ወይ (718)696-7219 ደዊልኩም ተወከሱ።**

ኣሽካዕላል ብህዝብን ሃገርን ኤርትራ የብቅዕ!
ንህዝቢ ኤርትራ ራህዋን ንሰላምን ንምስፋን ንለዓል!
ብደሓን ምጹ!